# ምውቕ ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም

## ወኪል ንሓርነት ዶት ኮም
09.10.2006



ኣቦ መንበርን ምኽትል ኣቦ መንበርን ፈጻሚ ቤት ጽሕፍት ዝርከብዎ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብ8 ጥቅምቲ 2006 ተሳተፍቲ ዘመጐስዎ ምውቕ ኣኼባ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ኣካይዱ። ኣብ'ቲ ኣኼባ ብዙሓት ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን፤ ኣብ'ቲ ቅድሚ 15 ዓመት ብዓወት እተዛዘመ ሓርነታዊ ተጋድሎና ግቡኦም ዘበርከቱ ገዳይም ተጋደልትን ተሳቲፎም ነይሮም።

ኣኼባ ልክዕ ሰዓት 2 ድ.ቀ ብኣቦ መንበር ጨንፈር ሽወደን፡ ብጻይ ገብረዝጊ ናሽሕ ዝሃቦ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ተኸፊቱ። ኣስዒቡ፡ ብጻይ ገብረዝጊ፡ ንኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብጻይ ወልደሱስ ዓማርን፤ ንምኽትል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤልን ከምኡ ውን፡ ክልተ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጾት ገርጊስ ነጋሽን ኣንቶንዮ ተስፋይን ናብ መድረኽ ክቐርቡ ዓዲሙ።

ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ናይ ጽሮትን እንካን ሃባን ሓድሽ ፖለቲካዊ ባህሊ ክምዕብል ዘለዎ ኣገዳስነት ብምትኳር መግለጺኡ ጀመረ። ከምኡ ውን፡ ንህልዊ ኩነታት ኤርትራ፡ እንተላይ ንመንእሰያት ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማትን፤ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘሎ ትጽቢት ናይ ለውጥን፤ ውጽኢት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ጉዳይ ዘይምእኩል ምምሕዳርን ሕቶ መሬትን ዘትኰረ ሰፊሕ መብርሂ ሃበ።



ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊ.ጋ)፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ከኣ፡ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝጸደቐ ንምምስራት ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ዝምልከት ውሳኔን፤ ብዛዕባ ትርጉምን ኣገዳስነትን ናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብቲ ኣመልኪቱ ዓሚቕ ጠቓምን መግለጺ ኣቕሪቡ።



ኣኼበኛታታ፡ ኣብ’ቶም ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝጸደቑ ውሳኔታትን፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ’ቲ ናይ ምጽውዋርን ናይ እንካን ሃባን ፖለቲካዊ ባህሊ ንምምዕባል ዝተገብረ ጻውዒትን ክብ ዝበለ ተገዳስነት ከምዘሕደሩ ኣብ’ቲ ዝተኻየደ ክትዓት ከበርህ ኪኢሉ ኢዩ። ብርክት ዝበለ ቀጽሪ ዘለዎም ተሳተፍቲ፡ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ሓድሽ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ከምዘበገሰ ክምስክሩን ክገልጹን ተሰሚዖም ኢዮም።

ኣብ’ቲ ኣኼባ፡ ብዙሓት ብዛዕባ ደምበ ተቓውሞ ብዙሕ ኣፍልጦ ዘይብሎም መንእሰያትን፤ ከምኡ ውን፡ ከም ኸሊፋ ዑስማን፡ መሓመድ ብርሃን ብላታ፡ ኣሕመድ ኢብራሂም (ሰክረተር)፡ ረዘነ

ተስፋጽዮን (ቀሺ)፡ ዶክተር ተስፋይ ስብሃቱን (ብርንጂ) ኣርሀ ሓመድናካ ዝኣመሰሉ ፍሉጣት ገዳይም ተጋደልቲ ውን ኣብ'ቲ ኣኼባ ተሳቲፎም ነይሮም። ኣብ ርእሲ'ዚ ብዙሓት ኣባላት ተሓኤን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራስ ኤርትራን ፌደራላዊ ምንቅስቓስ ኤርትራን ሰልፊ ትንሳኤ ኤርትራን እስላማዊ ናይ ምእራም ምንቅስቓስን፤ ኣባላት ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘይኰኑ ሰዓብቲ ሰልፊ ጕባኤ ኤርትራን ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራን (ብኣድሓኖም ገብረማርያም ዝምራሕ) ከም ኤርትራውያን ንሰላምን ሰብኣዊ መሰላትን ዝኣመሰሉ ሲቪላዊ ማሕበራትን ተሳቲፎም ነይሮም።



ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ሓደ መዓልቲ ኣቐድም ኣቢሉ፡ ብዕለት 07.10.2006 ካብ ዝተፈላለየ ኵርንዓት ናይ ሽወደንን ሃገራት ስካንዲናቭያን ዝመጹ ኣባላትን ወከልቲ ጨናፍርን ኣኼባ ከምዝገበረን፡ ብዛዕባ ህልዊ ኵነታት ሃገርን ውድብን ደምበ ተቓውሞን ሰፊሕ መግለጺ ከምዝሃበን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ ዝመጽእ ዘሎ መዓልታት ድማ፡ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ምስ ኣገደስትን ፍሉጣትን ኤርትራውያን ውልቀ-ሰባትን ምስ ሰበስልጣንን ሰልፍታትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ሽወደን ክራኽቡን፤ ኣብ ሽወደን ምስ ዝርከባ ናይ ኤርትራውያን ናይ ተለቪዥን ማዕከናት ቃለ-መሓትት ከካይዱ ምዃኖም ተፈሊጡ ኣሎ።